# እቲ መራሕነት ንኽመርሕ

መራሕትትና፡ ኹሉ መልከዑት አብ ግዖት ብዘእቲ መገዲዩ ክቶቶም ጸኒሑ። ኢድካ እናልዓልካ፡ እከለ ብዕጹ ስለዝኾነ፡ እከለ ንእከለ መረጽዎ እናበልና ክንሰርሕ ኢይጸናሕናን። ኩላትና እንፈልጦ ነገርዩ። መራሕትትና፡ ኑቲ ንደልዮ ዘለና መስርሕ ክድርኽ ዝኽእል መገዲ አብ ምጃሙ ኢና ክንሰርሕ ጸኒሕና። ኑቲ ክዋሳእ ወይ ኩትተፍ ዕድል ዘይረኸበ ክምዝዋሳእን ከምዝዕትተፍን ምግባር ከአ ናይ ፖሊቲካን ናይ ሃገር ምህናጽ መስርሕንዩ። እዚ አገባብዚ ግዚኡ ሓሊፉዎ ኢዩ፡ ኪንቀፍ ዘለዎ አሰራርሓዩ! ኢልካ ምሕሳብ ፍጹም ኢይከኣልንዩ ማለት ኢይኮነን።



ሓደ ንምኺን ኢሂን-ሚሂን

# ፖለቲካ ሰልፍታት

Θ ምቛም ሰልፍታት ስለምንታይ ተደናጉዩ? ሀ.ግ. ንምድንንዩ ይሰርሕ ኣሎ ንዝብሉ ወገናት ዘለካ መልሲ እንታይ ኢዩ?

**እ**ዚ ክሲዚ ካብ ምንታይ ግምት ይብገስ ምህላዉ ንምርዳእ ክፈልጠም ዝደሊ ሕቶታት መቕረብኩሎም። ኣብ ውሽጢ'ዞም ዝሓለፉ 10 ዓመታት ሰልፍታት ክምስረት ይከኣል ነይሩ ድዩ? ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ከ ከም ቆሎ ዕፉን ቶግ ቶግ ኢሉ ክፈሪ ዝኽእል ሰልፊ ኣሎ ድዩ? እቲ ሃዋሁ ክፍጠርን ባይታ ኪጽረግን ኪኽእል ኣለዎ። መስርሕ ከኣ ኢዩ። እዚ መስርሕዚ ናይ ግዝእ ርእሱ መልክዓትን ምዕባለታትን ሒዙዩ ዝኸይድ። ዝኾነ ሰብ ብዕሙቀት ብስፍሕ ዝበለ ኣጠማምታ ምስ ናይ ሃገር ምህናጽ መስርሕ እናዛመደ ክርእዮ፡ ብኡ ደረጃ ከኣ ሓላፍነታዊ ብዝኾነ መገዲ ኪካታዓሉን ብንጹነት ቃሕ ዝበሎ ክብልን ኪኽእል ኣለዎ። ሓላፍነት ብዘጥፈአ ኣገባብ፡ ምስ ነብሰኻ ትሰውጦ ዘይተጨበጠ ኣተሓሳስባታት ስለ ዘሎካ፡ ግዳይ ምንዳይ ግን ጥዕና ኣይኮነን። ካብ ሓሳባት ምፍራህ ዝመስልዎ ዝኸፍእ ፍርሒ የለን። ብናተይ ኣጠማምታ ሓሳብ እንድሕሪ ኣለካ ካብ ናትካ ዝበልጽ ሓሳብ ኣሎኒ ትብለኒ እንተ ኮይንካ - ሓንጎፋይ ኢለ ዘይቅበለካ

ስለምንታይ? ዝኸነ ሓሳባት ንዝኸነ ኣርእስቲ ዝምልከት ደኹን፣ ብዮሕናን ምእንቲ ጥዕ ናን ክኸውን እመርጽ።


⊖ ብመንጽር ምቑም ስልፍታትን ምርጫን፣ ብዛዕባ ደረጃ ንቕሓት ህዝቢ ዝተፈላለዩ ስክፍታታት ይስምዑ ኢዮም።

**ኣ**ብ ሃምበኪታ ዘሎ ኣብ ቡሩ ንዘሎ ስብ ክመርጽ ዘኽእል ፖለቲካዊ ብስለት ብዘይ ምብጻሕና፣ በብንድና ኪድና ንስራሕ ክበሃል ኢይግበእን። እዚኸ መስርሕዩ ‑ሃገር ናይ ምህናጽ መስርሕ። ናይ ፖለቲካ ብስለት ምስ ተፈጥረ ጥራይዩ እቲ መስል ኣብ ግብሪ ዝውዕል ኢልካ ኪዝረብ ኣይከኣልን። ንኣብ ነት፣ ኣብ ኣሜሪካ ጆርጅ ዋሽንግቶን ንፕረዚደንትነት ምስ ተመርጸ ህዝቢ ካብ ዓ ባይ ብሪጣንያ ብዝተወርሰ ባህሊ፣ ንጉስ ክኸነሉምዮም ዝደልዩ ነይሮም። ህዝቢ ኣሜርካ ከምዚ ብምባሉ ደሞክራሲ ኣይፈልጥንዩ ክትብል ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብዚ ቀረባ እዋን፣ ኣብ መንጎ ቡሽን ኣልጎርን ዝተፈጥረ ውድድር፣ ህዝቢ ድሕሪ ክንደይ ኣማኢት ዓመታት ኣብ ሓደ መድረኽ ናይ ንቕሓት ምስ በጽሐ ዝመጸ'ዩ። ሕጂ'ውን እንተኾነ ኣብ ፖለቲካዊ ብስለት ተበጺሑ ንምባል ዝከኣል ኣይኮነን። ብኣንጻሩ፣ ኣብ ዓቕምናን ኩነታትናን እንተተመሊስና፣ ደረጃ ፖለቲካዊ ብስለት ንምምዕጋሙ ዘጸግምኳ እንተዘይኮነ፣ ኣብ ሃምበኪታ ዘሎ ኣብ ንየው ንዘሎ ክመርጽ ኣይክእልንዩ ብዝዓይነቱ ስንክፍ መጉት፣ እቲ መስርሕ ካብ ምጅማሩ ንጽናሕ ዝብል ኣረኣእያ ኣይሰርሕንዩ።

⊖ ፖለቲካዊ ብስለት፣ ኣብ እዋን ምርጫታትን ስልፍታትን ኣገዳሲ ምኳኑ ርዱእ እዩ። ናብኡ ገጽካ ንምቅርራብ ክውሰዱ ዘለዎም ስጉምትታት ይተኣታተዉ'ዶ ኣለዉ?

**ኣ**ብ ናይ ህ.ግ. ዕላማታት ደኹን ኣብቲ ናይዛ ሃገር ምህናጽ ስራሑ ዘሎ ዕላማታት ብርካዱ ከም ዘጽርር፣ ጥዑይ ፖለቲካዊ ሃዋህው ክተፈጥር፣ ምዕሩይ ምዕባለታት ኪመጽእ ኣለዎ። ነናሲ ወክፍ ስብ ጸጋታቱን ኣንበቡን ክኸእል ኣለዎ። ናይ መበኣታ ደረጃ ትምህርቲ ዘይተርፍ ግዴታ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ካብቲ ምዕሩይ ምዕባለ ክምጽእ ዝኽእል ረቛሒታት ደኹን እምበር፣ ኩሉ መራጺ ብፖለቲካዊ ብሉጽ ብዙሕ ነገር ኣብሮሩ ዝርዳእ ንክፍርዱ ናይ ፖለቲካ ሕቶታት ብግቡእ ዘተኣማምን ብዘኽኣሉ ወሳኒ ትምህርታዊ ድሕረ ባይታ ክፈላሰፈሎም ዘኽእል ደረጃ ክይበጽሑ ነዮም ጉዳያት ‘ዚ ኣቶም ኪዛረበሎም ኣይክእልዮ እንተይኣ ኢልና፣ ክሳብ መእስ ኢና ክሰጋገር?

ኣብ ኩላቶም ሕ/ስብ ብናላይ'ኳ ማሕበር ቁጠባኣም ታሕቲ ዝኾኑ ኣገዶም ዘይማዕ በሉ ሕ/ሰባት - ሓድነት ምእንቲ ክተረጋግጽ ኢልካ ትወስዶም ናይ ፖለቲካ ውሳኔታት ኣለዉ። ኣብ ሕ/ስብ ዘሎ ምዝበልነት ንምዕራይ፣ ናይ ደቀንስትዮ ዘይተሳታፍነት ንምቕያር፣ ዝተፈላለዩ ድሑራት ባህልታት ንምቁጽጻር እተተኣታትዎም ሕግታትን ውሳኔታትን ከምዘለዉ ምግንዛብ የድሊ። እዚ መርሓ'ዚ እንተዘይኣቃሊብናሉ፣ ብቐንዲ ኣመጻጽኣ ህ.ግ.ን፣ ኣመዓባብላ መስርሕ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ንምፍላጡ ዝከኣል ኣይኮነን። ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ ወሳኒ ናይ ታሪኹ መድረኽ ብኸመይ ይዋሳእ ነይሩ? ከመይ ገይሩ ድዩ ኪቃለስ ጸኒሑ? ሕጂ ናይ ስልፍታት ስለ ዝመጸ ወይ ብዛዕባ ስልፍታት ይዝረብ ስለዘሎ፣ እቲ ብስለት ጌና ኣይበጽሖን፣ ብፖለቲካዊ ብስለት ፖለቲካዊ ስልፍታት ኪፈጥር ኣይክእልን'ዩ፣ ስለዚ ካልእ መገዲ ክፍጠር ኣለዎ፣ ብዓዳዊ ቀቢላውን ሃይማኖታውን መገዲ ክፈጥር ክኽእል ኣለዎ ናብ ዝብል ቁናን መጉት ዝዛዘወ ኣይሰኣኑን ደኾኑ። እዚ'ሞ ተሓጺብካ ኣብ ጭቃ'ዩ፣ ኢልካ ዝሕለፍ እንተዝኸውን ኣምበይ መጸገመን፣ ኣነ



“ህ.ግ. ማለት ህዝብን ሃገርን'ዩ1”

ሃኒጽካ ምዕናውዩ ኢዩ ዝብሎ። እቲ ምህናጽ ከኣ መስርሕ ስለዝኾነ ክቕጽል ኣለዎ። ከመይ ጌሩ ክምዝቕጽል ህዝቢ ክርድኦ ስለዘኽእልን ካብኡ ዝሕባእ ነገር ስለዘየሎን፡ ኪውሰዱ ዘለዎም ናይ ፖለቲካ ስጉምቲታት ኪውሰዱ ኣለዎም። ኣበር ዘይብሉ ነገር የልቦን። ጽገሬዳ እታ ጽብቕቲ'ውን ኣበር ኣለዋ።

ʘ ኣብ ጉዳይ ሰልፍታት፡ ተመኩሮ ካልኦት ሃገራት ምውካስ ኣብ ዝድለየሉ እዋናት፡ ናብታ ናይ ሓያሎ ዓመታት ተመኩሮ ዘማዕበለት ርእሰ ሓያል ኣሜሪካ፡ ናይ ምግዛው ዝምባሌታት ይረአ ኢዩ። ካብኡ ክንቀስሞ እንኽእል ትምህርቲ እንታይ ኢዩ?

**ም**ስ ኩሉ'ቲ ኩሉ ሰብ ዝምነዮን ሃንቀው ዝብሎን ሓንቲ ሓያል ሃገር ንምኳን ዘብቀዓ ታሪኻዊ ተመኩሮ፡ ማእሊዩ ዘይብሎም ጸገማት ኣለዉ። ኣብ ዝኾነ ሃገር ዝህሉ ተመኩሮ በቲ ሕማቕ ሳዕ ቤናቱ ክስናብድ ዘየኽእለና ናህና ፍሉይነት ከም ዘለና ምዝካር ኣገዳሲዩ።

ʘ ህ.ግ ኣብ ዝኾነ እዋን ሰንከልከል ክብል ዝኽእል ሰንኮፍን ኣርቲፍሻልን ሓድነት'ዩ ሃኒጹ" ዝብል ኣመለኻኽታ ይስማዕ እዩ።

**ፖ**ለቲካን መስርሓቱንከ፡ ሽጉርትን ዘይትን ኮሚደረን ድልኽን ኣቃሚምካ ከምትዳልዎ ጸብሒ ኣይኮነን። ናይ ህዝብን ሃገርን ጉዳይ ኢዩ። ኣብ ኣሜሪካ ዝማዕበለ ምውህሃድ ሕ/ሰባት ብመገዲ ቋንቋ ምስ እንርኢ፡ ኣብ ገለ መድረኽ ናይ ታሪኹም ብጆካ እንግሊዝ ካልእ ቋንቋ ምዝራብ ክልኩል'ዩ ነይሩ። እዚ ዓማጺ ዝኾነ ኣካይዳ፡ ኣብቲ ሕ/ሰብ ዘምጽኦ ማሕበር ቁጠባውን ባህላውን ለውጢ ኣቃሊልካ ዝረአ ኣይኮነን።

ሕ/ሰብና ኣብ መንግስተ ሰማይ ኣይኮነን መቓምጥኡ። ሓድነትን ንቕሓትን ከኣ፡ ብፖለቲካዊ ጎስጓስን ፍልጠትን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ሕ/ሰብ ብዝቕልቀል ማሕበረ ቁጠባውን ባህላውን ለውጥታት'ዩ ዝመጽእ። ዝኾነ ሃገር እሃንጽ ኣለኹ ዝብል ፖለቲካዊ ውድብ፡

> ʘ
> ምቒም ሰልፍታት ንዓና ንሃልክን ንመኽሰብን ወይ ኣብ መጸብቦ ስለዘእተኻ፡ ካብኡ ክትወጽእ ወይ ንመዋገዲ ኢልካ እትወስዶ ናይ ፖለቲካ ምርጫ ኣይኮነን።

ነቲ ፖለቲካዊ መስርሕ ማነጆ ካብ ምግባር ወጻኢ ዝኸደሉ ምኽንያት የለን። ዝኾነ ዝተገብረ ፈተነ፡ ካብ 'ኣርቲፍሻል' ወጻእን ውርጹጽን'ዩ ምባል ወይ'ውን ማነጆ ካብ ዝኾነ ናይ ፖለቲካ ኣሰራርሓ ወጻኢ ኢዩ ክበሃል ኣይክኣልን። ናይቲ ሕ/ሰብ ኩነታትን ሃገር ዘለዎ መድረኽን ኣብ ግምት ኣእቲኻ'ዩ ዝስራሕ። ብኣዝዩ ዘይጭበጥ ክልስ-ሓሳባት ወይ ፖለቲካዊ ቅድስና ዚኸይድ ሃገር ክጠቕሰልዩ ዝኽእል ሰብ ዘሎ ኣይመስለንን። ንሕ/ሰብ ንትኹል እናፈናተትካ ምኻድ ምእንቲ መን ረብሓ ኢዩ? ናበይ ገጽካ ንምኻድ? ርዋንዳ፡ ሶማልያን ዩጎዝላቭያ ነበርን ዝሓዝኦ መንገዲ ንምስዓብ?

ሓዳስ ሃገር ኢና። ትማሊ ትማሊ ናጻ ዝወጻና፡ ታተ ኢልና ሃገር ንሃንጽ ዘሎና፡ ብመጠን'ቲ ዝገበርናዮ ምሕደራ ዝረኸብናዮ ፖለቲካዊ ዓወታት ኣቃሊልካ ዝረአ ኣይኮነን። ማዕረ ኣመሪካ ማዕረ ዝማዕበላ ሃገራት ክንመጣጠር ኢልና ዘይኮነ፡ ሃገር ምእንቲ ክንሃንጽ'ዩ። ናይ ትምህርቲ ዕድል ዘይረኸቡ፡ ዕድል ክረኽቡ፡ ብዝተፈላለዩ ምኽንያት ናይ ምዕባለን ኣገልግሎትን ዕድል ዘይረኸቡ ዜጋታት'ዛ ሃገር፡ ዕድል ክረኽቡ ክኽእሉ ኣለዎም። እዚ ብፖለቲካዊ ምሕደራ'ዩ ዝጭበጥ። ኣብ ባይቶታት ንደቀንስትዮ ብኮታ ቦታ ብምሕዛእ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ዝኾነ ሓለፋ ክግበር የብሉን ኢልካ ኪዛረብ ኣይክእልን'ዩ። ቴክኖሎጂ፡ ኢንተርነትን፡ ጎሎባላይዘሽንን ነቲ ፖለቲካዊ መስርሕ ከምዘቀላጥፎ ርዱእ'ዩ። ኣብ ጭቡጥ ኩነታትና እንተተመሊስና ገና ከምዘለና ዘይርድኦ ሰብ ዘሎ ኣይመስለንን። ንክውንነት ሃገርካ ዝሓለፈ ምዕባለኻን ዚመጽእ ምዕባለ ናይ ፖለቲካኻን ኣብ ግምት ዘየእቱ ፍልስፍና ሒዝካ ጸንበለል ምባል ፋይዳ ዘለዎ ኣይመስለንን።

ʘ ብደገ ዝተባብዓ ሰልፍታት ከይቆማ ዝገትእ መቆጻጸሪና እንታይ ኢዩ?

**ሓ**ደ ፖለቲካዊ ውድብ፡ ብደገፍ ኣባላቱ፡ ካብ ኩሉ ክፍልታት ናይቲ ሕ/ሰብ ብፕሮግራሙ ተቐባልነት ዘጥረየን ንህላዊኡ ከኣ ኣብኡ ዝምርኮስን ኮይኑ ክምስረት ይግባእ። ብናይ ደገ ምወላ ዝንቀሳቐስ ውድብ ክምስረት ነፍቅድ እንተኾይንና፡

# ዘይተበጽሐ ጫፍ

ንድሕሪት ተመሊስ፡ ተመኩሮና ብዛዕባ ናይ ሃገር ምህናጽ መስርሕ ኣብ ዝፍተሸሉ እዋን፡ ህ.ግ. ከም ተመኩሮ ካብ ተ.ሓ.ኤ. ፈልየ ኣይርእዮን የ። ብዙሓት ነናቶም ፍልስፍናታት ክሀልዎም ይኽእል ይኸውን። ኣብ ሓደ ውሱን ታሪኻዊ መድረኽ ክልቲኡን ውድባት ምችጻለንን ምግጣሙንን፡ ሓደ ናይ ሃገር ምህናጽ መስርሕ ጌሩየ ዝወስዶ። እቲ ሓደ ምስቲ ሓደ ብምግጣጡ ኢይኮነን ምዕባለ ዘምጽእ፡ እንታይ ደኣ፡ ኣብቲ እዋንቲ ዝነበረ ኢ.ቃውማ ኣውዳድባ ኣሰራርሓን ኣተሓሳስባን ኣዚና ሰጊርናዮ ብምኻድናዮ። ኣብዚ ንደናዚ ንዊሕ ተጓዒዝና ኢና ክንብል ዝከኣል'ዩ። እንተኾነ፡ መወዳእታ ጫፉ ግን ገና ኣየብጻሕናዮን። መስርሕ ኢዩ።

ብዙሓት ተመኩሮታት ርኢና ስለዘለና እዛ ሃገር ናበይ ገጻ ከምተምርሕን መወዳእትኣ እንታይ ክምዝኸውንን ንምግማት ዘሸግር ኣይመስለንን። ብጽኑዕ ሕጊ ክልኩል ክኸውን ይግባእ።

⊖ ኣብ ውሽጢ ኸ?

ብውሽጢ ደረጃ'ውን እንተኾነ፡ ኣብ ሓደ ውድብ ናይ ፖለቲካ ሰዓብነት ወይ ተሳታፍነት፡ ብናይ ገንዘብ ምስዓል ክኸውን የብሉን። እዚ ብሕጊ ክልኩል ክኸውን ዘለዎ ኢዩ። ሓደ ሚልዮነር፡ ድምጺ ናይ ሰባት ብገንዘብ ገዚኡ ናይ ፖለቲካ ምንቅስቓስ ወይ ናይ ፖለቲካ ውድብ ክምስርት ዝኽእል ኮይኑ፡ እቲ ገንዘብ እምበር እቲ ፖለቲካ የለን። እነተ ኾይኑ ከምዚ ዝኣመሰለ ፖለቲካዊ ስነ-ምግባር ዘይብሉ ናይ ፖለቲካ ውድብ፡ ብመትከል ክፍጠር የብሉን። ኣብ ካልኦት ሃገራት ይግበር እንድዩ፡ ንሕናስ ዘይንገብሮ ክበሃል ይከኣል ይኸውን። ናይ ካልኦት ሃገራት ተመኩሮ ሓደ ብሓደ ተንቲንካ ክግምገም ይከኣል'ዩ። ከምዚ ክነንዓቕዮ ነዓ ድምጽኻ ሃበኒ ዚብሃል ዓይነት ፖለቲካ ክንኣቱ እንተኾይኑና፡ ንቕድሚት ዘይኮነ ንድሕሪት ከም እንምለስ ዘጠራጥር ኣይኮነን።
ብመትከላትን ሕግታትን ዝግዝኡ ናይ ፖለቲካ ውድባት ክፍጠሩ እንተኾይኖም ንዕኡ (ሕግታትን መትከላትን) ምቹእ ሃዋሁ ክፍጠር ክኽእል ኣለዎ።

⊖ እቲ ምቹእ ሃዋሁ እንብሎ ከመይ ዝበለዩ?

ጋድማዊ ክፋል ናይቲ ሕ/ሰብ ዝዋስኣሉ ክኸውን ኣለዎ። ንምስረታን ምዝገባን ሓደ ሰልፊ፡ መበገሲ ዝኸውን ቁጽሪ ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። 20-30 ሰባት ተኣኻኺቦም ኪዳን መስረትናሎና፡ ሰልፊ መስሪትና'ሎና ክብሉ ኣይክእሉን ኢዮም። ብሰለት ናይቲ ፖለቲካዊ ውድብ ተቐባልነት ፕሮግራሙ ኣብ ህዝቢ ኣብቶም ሰዓብቱ ክኾኑ ዝደልዩም ኣካላት ክረጋገጽ ክኽእል ምኽንያቱ ብዝሒ'ውን ሓደ መለክዒ ኢዩ። እቲ ብዝሒ ክንደይ ይኹን ምናልባት ክፉት ክኸውን ይኽእል። ብዓቢኡ ናይ ፖለቲካ ውድባት ዝዋስኡሉን ዝሳተፉሉን ጥዑይ ፖለቲካዊ ሃዋሁ ክንፈጥር እንተኪይድና፡ እዚኣም ክማልኡ ክኽእሉ ኣለዎም።

⊖ ናይ ደገ ድርኺት ኣሎ ድዩ?

ህ.ግ ነዚ መትከል'ዚ - ምቋም ሰልፍታት - ኣብ ክፍላ ሰማንያታት'ዩ ሒዝዎ። ንዓና እዚ መትከል'ዚ ብናይ ደገ ኩነታት ዝተደረኸ፡ ንሃልክን ንመኽሰብን ወይ ኣብ መጻብቦ ስለዝኣተኻ፡ ካብቲ መጻብቦ ክትወጽእ ምኽንያቲ ንመዋገዪ ኢልካ እትወስዶ ናይ ፖለቲካ ምርጫ ኣይኮነን። ኣብ ክፍላ 80ታት ህ.ግ. ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ሰልፍታት ከምቃንጥሻ ክዕምብባ ኢየን ዝብል የዋህ ናይ ፖለቲካ ኣረኣእያ ኣይነበሮን። መኣስን ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ ሃዋህው ክፍጠራ ከምዘለወን'ውን እኹል መረዳእታ ጸኒሑ ኢዩ።

⊖ ኣብተን ዝማዕበላ ዝበሃላ ሃገራት - ኤውሮጳን ኣመሪካን ምድኻም ናይ ሰልፍታት ፖለቲካ ማለት ናይ መራጺ ህዝቢ ምጉዳል ተዓስነት ይረአ ኢዩ። እዚ ምልክታት'ዚ ምስ ደረጃ ማሕበራዊ ቁጠባዊ ምዕባለ ምትእስሳር ኣለዎ ድዩ?

እዚ ናይ ሰልፍታት ፖለቲካን ዲሞክራስን ኣብዘን



“ኣነ ኩሉ ግዜ ህ.ግንባር እየ”

ዝተጠቕሳ ሃገራት፡ ናይ ኮካኮላ ምርምር ዘይኮነስ ዓሚቕ ናይ ታሪኽ ምርምር ዝሓትት ፍልጠት'ዩ፡ ብዕምቆት ፍልጠት ዝሓትት'ዩ። ኣብዚ ኣርእስቲ'ዚ ብዙሕ ክዛረብ ኣይደልን'የ። ንኩሉ ግሁድ ዝኾነ ተርእዮ ተንኪፈዮ ንምሕላፍ ግን፡ ጽቡቕ እመስለኒ። እዚ ሕጂ ዘለናዮ መበል 21 ክፍለ ዘመን፡ ምስቲ ኣብ ግዜ ዝሑል ኲናት ዝነበረ ሃረ-ሃራ ኣብ ሰልፍታት ኣቲኻ ናይ ምቅላስ መንፈስ፡ ከተነጻጽሮ ከለኻ፡ ዓቢ ፍልልይ ኣሎ። ዳርጋ ኣብ ኩለን ብኢንዳስትሪ ዝማዕበላ ሃገራት፡ ሕጂ ዘሎ ፖለቲካዊ ሃዋሁ፡ ሰልፍታት ሃልየን ኣይሃልየን ብዙሕ ኣቓልቦን ተገዳስነትን የለን። ናይዚ ሃዋሁ'ዚ መርኣያታት ወይ ምልክታት፡ ኣብ ኣመሪካ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ቡሽን ኣልጎርን ጉሉሕ ኣብነት'ዩ። ኣብ ህዝቢ ኣመሪካ ንዓሰርተታት ዓመታት ክምዕብል ዝጸንሐ ዕሽታ ወይ እንታይ ገደሰኒ ናይ ምባል መንፈስ ንልዕሊ 50% ናይቲ መራጺ ህዝቢ ዝበሃል ጸልዩ። ምስ ኩሉ'ቲ ንዲሞክራትስ ይኹን ሪፓብሊካንስ ብዘየገድስ ምረጹ፡ ናይ ዝብል ዝኢፍ ጎስጓስ፡ ትሕቲ 50% ናይቲ ክመርጽ ዝግባእ ተሳቲፉ። እዚ ግን ኣብ ኣሜሪካ ጥራይ ዝተራእየ ምልክታት ኣይኮነን። ምድኻም ናይ ሰልፍታት ፖለቲካ ኣብ መላእ ኤውሮጳ ዝረአ ዘሎ'ዩ።

Θ እቲ ምኽንያት እንታዩ?

ሓደ ብሓደ ሃገር ብሃገር፡ ደቂቕ ምርምራዊ መጽናዕቲ ዝሓትት'ዩ። እዚ ምልክታትዚ፡ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተሓተተ፡ ኣብ ሓደ ኣገዳሲ ክብ ዝበለ ደረጃ ቁጠባዊ ምዕባለ ምስ በጽሕካ ዝቕልቀል ድዩ? ኣብ ትሑት ደረጃ ማሕበረ ቁጠባዊ ምዕባለ ሕ/ሰባትከ? ንክትፈልጥ መጽናዕትን ምርምርን የድልዮ። ኑቲ ህዝቢ ዘዋስእ ናይ ፖለቲካ ንጥፈት ኣሎ ኢልካ'ውን ዝዝረብ ኣይኮነን።

Θ ኣብ መትከል ብዙሕነትን ምቋም ሰልፍታትን ከም መመኽነይታ ክትጥቀመሉ እትኽእል ኣብነት ክኸውን ይኽእል'ዶ?

መመኽነይታ ንምድላይ፡ ወይውን በዳሂ ሕቶታት ክመጸካ እንከሎ ንመማሳመሲ ክትጥቀመሉ ምሕሳብ ኣይሰርሕን'ዩ። እዚ ምልክታትዚ ግን ሰልፍታት ናይ ሰልፍታት ምውሳእ ኣብ ሓደ ሃገርን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻትን ሕ/ሰባትን እንታይ ኣንፈት ከማዕብል ከምዝኽእል ክንመራመር ዝሕግዝ'ዩ። ናብኡ ዘሎና መብጽዓ ናይ ብሓቂ ጥዕና ዝመልአ ናይ ፖለቲካ ሃዋሁ ክፈጥረልናን ንግስጋሴናን ንምውቃዕ ዕላማናን ከም መሳለጢ ክሕግዘና ይኽእል'ዩ ብዝብል መንፈስ ክንሕዞ ኣሎና። ንህልኽ ንቆይቍ ወይ ንኻልኦት ምሕንኣስ ኢልካ ዝግበር ኣይኮነን።

Θ ህ.ግ. ን ሕቶ ሰልፍታትን ኣብ ዝለዓለሉ እዋናት . . .

ናይ ፖለቲካ ሰልፍታትን ኣገዳስነቶምን እንታይ'ዩ?” ዝበሃል ሕቶ ንምምላሽ፡ ናይ ግድን ምስ ህ.ግ ዝተኣሳሰረሉ ምኽንያት የልቦን። ኣብ ህ.ግ ቅድሚ 15 ወይ 20 ዓመታት ቀሪብቖስ እናማዕበለ ዝመጸ ኣተሓሳስባታት፡ ነዞም ኣቐዲምና ዘልዓልናዮም መትከላትን ሕግታትን ኣብ ግምት ዘእተወ ኢዩ። እዚ ጉዳይዚ ምስ መስርሕ ምህናጽ ሃገር፡ ምስ መስርሕ ምህናጽ ፖለቲካዊ ቁጠባውን ባህላውን ናይዛ ሃገር ተዛሚዱ ክረአ ዘለዎ ናይ ፖለቲካ ኣሰራርሓን ኣሰላልፋን እምበር፡ ናይ

ሓደ ወይ ናይ ካልእ ፖለቲካዊ ውድብ ጉዳይ ኢዩ'ከ ክረአ ዘለዎ ኣይመስለንን። ከምዚ ዝኣመሰለ ክትዕ (ምስ ህ.ግ. ኣቓርንካ ናይ ምርኣይ ኣንፈት) ናብ ዘይድሊ መእዝን ዘምርሕ ኢዩ። ንህዝባዊ ግንባር ታሪኻት ወይ ግዳይ እናገበርካ ብዛዕባ ሰልፍታት ምዝራብ፡ ነቲ ቀንዲ ኣርእስቲ ካብ መእዝኑ ምውጻእ ጥራይ ኢዩ። ህ.ግ. ክሕተት ይኽእል'ዩ። ህ.ግ ክገምገምን ክንቀፍን ይኽእል'ዩ። ንህ.ግ ምስ ሕቶ ሰልፍታት ኣተኣሳሲርካ ምቕራብ ግን፡ ነቲ ቀንዲ ትሕዝቶ ናይቲ ጉዳይ ደርቢኻ ናብ ካልእ ጉዳያት ምኻድ ኮይኑ'ዩ ዝርኣየኒ። ስለዚ ዝኾነ ዝቐርብ ሓሳባት ናብቶም ትሕዝቶ ናይቲ ጉዳያት ዘተኮረ ክኸውን ክኽእል ኣለዎ። ህዝቢ ብዕምቆት ክርእዮን ክገምግሞን ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ነጻ ዝኾነ መድረኻት ክዛረበሉ ክኽእል ኣለዎ።

ንሕና ንእሽቶ ሃገር ኢና። ጽቡቕ ነገር ክንርኢ ንደሊ። ካብ ካልኦት ክንቀድሕን ክንመሃርን እንኽእለና ድሩትነት ናይ ዓቕምና ከይረሳዕና ብውድባዊ መገዲ ክንሕዞ ኣሎና። ኣጽብብ ኣቢልካ ንህ.ግ ከም ግዳይ ኣቐሚጥካ ንዝቐርቡ ክሰታት ክትምልስ ምፍታን፡ ንዓይ ንኣእምሮይ ጸርፊ ስለ ዝኾነኒ ኣብቲ ዋና ነገር ኣቲኻ ምዝራብ'የ ዝመርጽ። ናይ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ጉዳይ ምስ ምህናጽ'ዛ ከቢድ መስዋእቲ ዝኸፈልናላ ሃገር ኣዛሚድና ክንሕዞ ኣሎና። ናይ ርእይቶ ፍልልይ ጥዕና'ዩ። ኣዝዩ ዝጠበቀካ'ውን እንተኾነ ብርእይቶ ክመሳሰለካ ኣይክእልን'ዩ። ናይ ርእይቶኻ ፍልልይ ክትገልጸሉ ኣብ እትኽእል እዋን ጥራይ'ዩ ኣካላውን ፍናናውን ቅሳነት ትረክብ። ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ፖለቲካ ሃዋህው ዘይፈጥር ከንቱ'ዩ።

እዚ ማለት ግን፡ ኣዕናዊ ፖለቲካዊ ሃዋህው'ውን ኣዕናውነቱ ብዘየገድስ፡ ብዝሕነቱን ኣቀራርብኡን ጥራይ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ክረአ ኣለዎ ምባል፡ ግን ዘይሕሰብ'ዩ።

θ ንኩሉቲ ብናይ ደገ ሓይልታት ዝቐረብ ምሕጽንታ ብዛዕባ ምቛም ሰልፍታት፡ ብኣዎንታ መገዲ ጥራይ ምውሳዱ ሓደገኛ ክኸውን ኣይክእልንዶ? ሰልፍታት ንምጉጅጃልን

ምድኻም ሓድነትን ክውሕልዎ ዝደልዩ ናይ ደገ ሓይልታት ኣብ ታሪኽ ተራእዮም ኢዮም።

ኩሉቲ ብዛዕባ ሰልፍታት ዝዘረብ ብግርህነት ከምዘይኮነ ኣብ ግምት ምእታው ጽቡቕ'ዩ። ብዙሓት ናይ ደገ ሓይልታት፡ ንሓደ ሃገር ክዳኽምዋ ምእንቲ ከም መሳርሒ ዝኣምንሉን ዘሰርሕሉን ኣለዉ። ብዙሓት ናይ ምስራብ ትካላት ሰለዩ፡ ኣብዚ ጉዳይዚ ነዊሕ ታሪኽ ከምዘለዎም ብዙሕ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ንሳቶም ከምኡ ስለዝሓሰቡን ዝደለዩን ግን፡ ነቲ መገድናን ሰላምናን ክንእለዮ ኢና ማለት ኣይኮነን። ብሰንኩ፡ እቲ ዋና ዝተበገስናሉ ዕላማ፡ እቲ ክንፈጥሮ እንደሊ ፖለቲካዊ ሃዋህው ክነውንዝፎ ኣሎና፡ ክንጽንሖ ኣሎና ማለት ኣይኮነን። እቲ ኣገዳሲ ነገር፡ ህዝቢ ክሰቕሉ ዝግባእ፡ ዝብድሆ ንዘመስለካሞ ንክተዳኽሞ ዝተፈላለዩ ብልሓት ምጥቃም ከም ዘሎ ምፍላጥ'ዩ።

## ኣሜሪካን መስርሕ ምህናጽ ሃገርን

ኣመጻጽኣ ኣመሪካ ከም ልዕለ-ሓያል፡ ንዝኾነ ደኹን ናይ ሃገር ምህናጽ መስርሕ ኣብነታዊ ኢያ ዝብሉ። ንዓበይትን ንኣሽቱን። ኣመሪካ 300ሚልዮን ዝበጽሕ ህዝቢ የብላን። ብመንጽር ብዝሕን ጸጋታትን ክረአ እንከሎ ግን ካብኣ ዝሕሻን ማዕረኣን ኣለዋ። ኣብ ደረጃ እንተመጺና፡ ኣብ ቀረባ እዋን ማዕረኣ ክመጻ ይኽእላ ኢየን ዝብል ገምጋም የብለይን። መስርሕ ናይ ሃገር ምህናጽ ኣብ ዝኾነ ደኹን ታሪኻዊ እዋን ዝሓሸ ዕድል ዝረኸበን ዝተዓወተን ተመክሮ ናይ ኣሜሪካ'ዩ። ደሞክራሲ ዝብል ኣርእስቲ ጸግዒ ገዲፍካ። ደሞክራሲ ካልእ'ዩ። ንኣሜሪካ ኣብ ምህናጽ ሃገር ዕውትቲ ዝገበራ ተመኩሮታት ንምፍላጥ፡ ሰልፍታት ከመይ ኢለን መጺኤንን ማዕቢለንን? ኣብ ውሽጥዚ ነዊሕ ታሪኻዊ መድረኽ ናይቲ ህዝቢ ተሳታፍነትን ንቕሓትን ከመይ ነይሩ? ዝብሉ ሕቶታት ብዕምቆት ብምምርማር ዓቢ ትምህርቲ ንረኽበሉ ኢና። ተመሳሳሊኳ እንተዘይኮነ ክንቀድሖ እንኽእል ጽቡቕ ኣብነታት ምልላይ ኣገዳሲ'ዩ።

ኣሜሪካ ከም ርእሰ ሓያል ዝማዕበለት ብቐሊሉ ኣይኮነን። ናቱ ዳይናሚክስ ኣለዎ። ዝሓለፈ ታሪኽ እንተተወኪስና ፖለቲካኡ ቁጠባኡን ማሕበራዊ ኩነታቱን ዲሞክራሲያዊ ኣይኮነን። ዓመጽን ጎንጽን ዝመልኦ ሃዋህው ኢዩ። ኩሉ ናብኡ ዝፈለሰ፡ ካብ ኤውሮጳ ስለዝጠዓሞ ዘይኮነ፡ ኣብ ኤውሮጳ ሕማቕ ስለዝነበረ'ዩ። መህደሚ ካልእ ዓለም ኣለኒ ኢሉ'ዩ ከይዱ። ሽዑ ከከም ዝተሻመኻዮ ኢዩ። መሬት ክትግበት ምእንቲ ነቶም ደቀባት ቀያሕቲ ህንዲ ብዘይንሕስያ ምጽናት ቀንዲ ዕማም'ዩ። ናይ ጸለምቲ ገላዩ ዛንታ'ውን ካልእ ዘስካሕክሕ ገጽ ናይቲ መስርሕ'ዩ። ካብዚ ተጻዒኖም ኣስናኖም እናረገፈ፡ ኣብ ፍርቂ ባሕሪ እናተደርበዩ ሽዑ ዝሰረሩ ከኣ ኣብ ዓሳው ቦታታት እናሞቱ፡ 10-20% ናይቲ ህዝቢ'ዩ ምስ ኩሉ ሕሰማቱ ብህይወት ክቕጽል ዝኸኣለ። ኩሉ ታሪኹ ዓመጽን ጎንጽን'ዩ። በዚ መገዲዚ'ዩ ሃገር ሃኒጾም።

# ሽፉን ቁሉዕ!

ፀ ኣብ መንጎ ህዝብን ባይትኡን (ሃገራዊ ባይቶ) ዘሎ ርክብ፡ ደምዳሚ ኣዋጃትን ውሳኔታትን ጥራይ ኢዮም። ስለምንታይ ኢዩ፤ ናብዚ ደምዳሚ ኣዋጅ ዘሰጋገሩ ክተዓትን ርእይቶ ኣባላትን ህዝቢ ቀጥታ ብመራኸቢ ብዙሓን ክከታተሎ ዘይተገብረ?

"እን ክተዓት ሃገራዊ-ባይቶ ንህዝቢ ክፉት ምግባር ዋላ ሓንቲ ጸገም ኣይረኣየንን'ዩ። ካብ ህዝብና ክንሓብኦ ንደሊ ነገር ስለዘየለስ፡ ኣብ ሃገራዊ ባይቶ ዝዝረበሉ ነገር ናብ ህዝቢ ዘይወርደሉ ምኽንያት ኣይረኣየንን። ተኣፈፍቲ ዝበሃሉ ጉዳያት እንተልዮም፡ ብጥንቃቐ ምሓዞም ኣብ ዝኾነ ሃገር ዝግበር'ዩ።

"ንሃገራዊ ድሕነት ዝምልከቱ ጉዳያት፡ ኣለዉ። እዞም ንደገ ምስ ዝዝረው ኣብ ሃገራዊ ድሕነት ሃስያ ዝፈጥሩ ጉዳያት ቅሉዓት ይኾኑ ምባል የዋህነት ጥራይ ኢዩ። ምናልባት ክነማዕብሎ ዝግበኣና ትካላት ወይ ኣሰራርሓ፡ ነቲ ክፉትን ክዕገት ዝግበኦን ምምማይ ኢዩ። ብርግጽ ከምቶም ሕጂ ብዛዕባ 'ግልጹነት' ተደጋጋሚ እዋን ዝዛረቡ ስርዓታት፡ እንዓብጠ ዓበይቲ ምስጢራት ወይ ነውሪ የብልናን። ብዓቕምና ግን፡ ንሃገራዊ ድሕነትና ዝምልከቱ ጉዳያት ኣለዉና። "ኩሉ ነገር ክፉት" ዝብል ሓሳባት ኪሸጡ ዝደል'ዩ፡ "ኣቑዲምካ ኣብ ዓይንኻ ዘሎ ጉንዲ ምርኣይ ይሓይሽ፡ ናይ ካልኦት ዓይኒ በስር ካብ ምርኣይ" ክበሃል ክካኣል ኣለዎ።

"ሲኣይ ኣይ (CIA) ከመይ ጌሩ ከምዝሰርሕ፡ ፓርላማ ኣይፈልጥ ካልእ ኣይፈልጥ። FBI ከመይ ጌሩ ከምዝሰርሕ፡ ዝኾነ ኣሜሪካዊ ኣይፈልጥን'ዩ። MI5 , MI6 ዓዲ እንግሊዝ ከመይ ጌሩ ከም ዝሰራሕ ንዓለም ቅሉዕ ድዩ? ኣብ ኢራቕ ዚካየድ ዝነበረ ኩናት፡ ዝኾነ ሪፖርተር ክኣቱ ይፍቀደሉ ኣይነበረን። ድሕሪ 25 ዓመት ንህዝቢ (ዓ ለም) ቅሉዕ ዝኸውን ምስጢራት ናይ ሃገር ዝበሃል ኣሎ። ናይ ካልኣይ ኵናት ዓ ለም ምስጢራት፡ ክሳዕ ለይቲ-ሎሚ ከይግለጽ ዝተኸልከለ ኣሎ። ነውሪ ስለዝኾነ። እዘን ናይ ሕጂ መንግስታት ቅድሚኤን ዝነበራ መንግስታት ዝገበረኦ-ነውሪ ሓቢኦን፡ ሃገራዊ ድሕነተን ምእንቲ ከውሕሳ፡ ምስጢራተን ክልተ ሰለስተ ዕቑድ (ዓሰርተ ዓ መት) ተጸቢኻ'ውን ተረካቢ ኣይኮነን። ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልክዎ፡ ንሕና'ውን ከም ዓ ቕምና፡ ኣብ ባይቶና እተዘተየሉ፡ ንሃገራዊ ድሕነትና ዝምለክቱ ደገ ክወጹ ዘይድለዩ ጉዳያት ኣለዉና። እዚኦም ከኣ ካብ ዝርወት ክንከላኸለሎምን ክንዓግቶምን ክንክእል ኣሎና። እቲ ዝበዝሐ ግን ንዝህቢ ክግለጽ ዘለዎ ስለዝኾነ፡ ናብቲ ደምዳሚ ኣዋጃት ዘብጽሑ ክትዓትን ርእይቶታትን ናብ ህዝቢ ዝቐረበሉ ባህሊ ምትእትታው ጽቡቕ'ዩ በሃላይ ኢየ። ኣብቲ ቀዳማይ ፈተነ፡ ምናልባት ሓደ-ሓደ ዘየድሊ ነገራት ክቀላቐሉ ይኽእሉ ይኾኑ፡ ምስ ግዜ ግን ከመሓየሽ ዘይክእል ኣይኮነን። ከም ባህሊ ስለ ዘይለመድናዮ፡ ከመይ ጌርና ነተኣታትዎ? ከመይ ጌርና ንኹስኩሶ? ግዜ ክሓትት ይኽእል ይኸውን።

# ህ.ግ. ኣብ ልክዕነት ቆጸራ

ምእንቲ ምኽሳስ ክጥዕመካ ኣብ ዘዝጥዕመካ ግዜ እተምጽኦ ዘረባ ክኸውን የብሉን። ኣብ ወረቐት፡ ኣብ ቅዋምን ካልእን እተሰፍሮ መደባት፡ ክዉን ኩነታት ኣፍቒዱልካ እትገብሮ ኣኼባታትን ነንበይኑ ኢዩ።

ኣብ ጸጊሙካ ዘሎ እዋን፡ መዓልቱ፡ ኣኺሉ'ዩ'ሞ፡ ሕጂ ክገብር ኣሎኒ ኣይትብልን ኢኻ። እቲ ክዉን ግዜ ምስ ኣፍቐደልካ ግን ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ይጽናሓለይ ዝበሃለሉ ኣይኮነን። እቲ ሓቂ እዚ'ዩ። ብኸምኡ ከኣ ተጓዒዝና። እዚ ግን ቀይዲ ክግበር የብሉን ማለት ኣይኮነን። ናይ ግዜ መለክዒ ክህሉ ንቡር'ዩ። እንተኾነ ኩነታት ወሳኒ'ዩ። ናይ ኩሎም ዘካይድናዮም ኣኼባታት ሰነድ ኣሎኒ። ብግዜ፡ ገሊኡ ይቕልጥፍ ገሊኡ ድማ ኣጸቢቑ ይምጠጥ።

ንዘሎናዮ ኩነታት እንተ ተወኪስና፡ እዚ ሕጂ ዘሎ መሪሕነት ህ.ግ. ብግዜ ኣኺሉ'ዩ– ኣብቂዑ። ብሕጊ'ውን እንተኾነ ወጻኢ'ዩ። ኑቲ ካብ ጉባኤ ናብ ጉባኤ ዘሎ ግዜ እንተጸብጺብናዮ ኣኺሉ'ዩ – ሓሊፉ። ቅድሚኡ ዝነበረ'ውን ከምኡ። እዚ ግን ብዙሕ ነገር ኣወሃሂዱካ ብክውንነታዊ መገዲ፡ ኣውራ ከኣ ዕላማኡ'ዩ ዝርኢ።

ሓቂ'ዩ፡ ቅዋም ኣሎ ክኽበሮ ዚግባእ። ኣካያይዳ ንኸጸፍፍ ናይ ግዜ ሰሌዳ ብምስኣል መለክዒ ምግባር ክተርፍ ዘይብሉ'ዩ።





ብዛዕባ ጉዳይ መሬት ዝምልከቶ ኣካል ብዝተፈላለዩ ኣጋጣሚ ዝሃቦ መብርሂ፡ ንህዝቢ ጽቡቕ ሓበሬታ ኸህልዎ ከምዝገበረ ኣይጠራጠርን። ብርግጽ ብዙሕ ነገር ኣይተዓመን። ኣብ መንጎ'ቲ ድሌትን እቲ ብግብሪ ዝተፈጸመን ዘሎ ፍልልይ ናይ ሰማይን ምድርን'ዩ። መሬት ክዕደል'ዩ ተባሂሉ - ነቶም ኣብ ወጻኢ ዘለዉ - ኣብ ግብራዊ ስጉምቲታት ጸገማት መጺኡ። እዚ ተክኒካዊ ሽግር'ዚ፡ ነቶም ዝግብኦም ክፍሊት ሂቦም ኣብ ምጽባይ ዝርከቡ ብሓቂ ዘጨንቕ'ዩ። ኣብቲ ጸገማት ክኣቱ ኣይደልን፡ ህዝቢ ግን ሓቁ'ዩ። እዚ ስለ ዝተፈልጠ፡ ኩለን ዝምልከተን ኣካላት ንምቅልጣፉ ይጓየያ ኣለዋ።



ንዝሰርሐ ምሻላም ኣብ ባህልና ኣይጸንሐን። ብኣጋጣሚ ጽምብል 10ይ ዓመት ነጻነት፡ ንምትእትታዉ ዝተወስደ ተበግሶን መጽናዕትን ኣሎ። እዚ ጉዳይ ግን ኣብ ውሽጢ ሓጺር መዓልታት ኩቱጻፍፎ ዝከኣል ኣይኮነን። ኣብ መወዳእታ ኩተብጽሖ፡ ናይ ካልኦት ተመኩሮ ምውካስን ምጽናዕን የድሊ። እቶም ምስ ሽመት በሎም ኒሻን፡ ኣበየነይቲ ሃገር ብሽመይ መልክዕ ይወሃቡ መጽናዕቲ ተታሒዙሎ። እቲ ዘድሊ ምቅርራባት ምስ ተወድአ ኒሻን ድዩ ምስክርነት፡ ብዝተፈላለየ መልክዓቱ ምትእትታው ተወሳኺ ድርኺት ከምዝፈጥር ርዱእ'ዩ።